

# ወርቂ ኣልማዝ ዘይቲ

ደቂ ኤረ ሕድሪለና ሕድሪ ሃገር
መዓልታዊ ኣብልብና ዝነብር ዘይቅየር
ከይተፈላለና ብሓባር በዚሕና ክነብር
ኤርትራ ኤርትራ እንዳበልና ክንዝምር
ናጽነትና ክዕምብብ ጥሜት ዝበሃል ክቕበር

ወርቂ ኣልማዝ ዘይቲ
ትሕቲ መሬት ሕብስቲ
ሰናይ ሒጋይ ክረምቲ
ኤርትራና ብኹሉ ብልጽቲ

መዓልታዊ ንራእይና ንጽቡቕ ንጠምት
ሕድሪ ሰዉኣትና ክኸበር ምስእምነት
ኩልና ብስራሕ ንገስግስ ንመከት
ራህዋ ክበዝሕ ክጠፍእ ኩሉ ድኸነት

መንግስትና ምስ ህዝቢ ሐደ ወርቂ መቐነት
ዋርሳይ ይካኣሎ ክወፍር ክጽዕር ክዕወት
2010 ናህናዩ ንግስግስ ንቕድሚት ብሐድነት
ንኹሉኹም ደቂ ኤረ ዮሃና ንበዓል ናጽነት

ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
21-05-2010